Kanton Zürich
Bildungsdirektion
**Volksschulamt**
Pädagogisches, Lehrplan 21

Kontakt: Projekt Lehrplan 21, Projektleitung, Walchestrasse 21, 8090 Zürich
Telefon 043 259 22 99, lehrplan21@vsa.zh.ch

**((Tigrinya))**

# ምስክር ወረቐት (ባጀላ) 3ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ መባእታ ቤትምህርቲ (2ይ ዙር)

## *ሓበሬታ ንወለድን ሕጋዊ መዕበይትን*

### *ምስትምሃርን ምምሃርን ምግምጋምን*

*ዕዉት ናይ ምምሃር ከይዲ: ምስትምሃርን ምምሃርን ምግምጋምን የጠቓልል:: ተማሃሮ ንገምጋም ከም ሓጋዚ ከምኡውን ከም መተባብዒ ክሪእዎን ክርድእዎን ይግባእ::*
*መሰረት ምምሃር: ኣብ መደብ ትምህርትን ኣብ ቀረብ መምሃሪ ነገራትን ይምርኮስ:: በዚ መሰረት መማህራን ናይ ትምህርቲ መደብን ዕላማን የውጽኡ:: መማህራን ተማሃሮ ናቶም ዓቕሚ ንኸደንፍዑ ብዝተፈላለየ መንገዲ ይድግፉዎምን ነቲ ዝተማሃርዎ ንኸተግብርዎ ድማ ትጽቢት ይገብሩሎም:: ኣብ ናይ ትምህርቲ መንገዶም: ብዛዕባ ንጥፈታቶምን ናይ ምምሃር ምዕባሌኦምን ባህርያቶምን ግብረመልሲ ወይ ርእይቶ ይህብዎም:: ብኸምዚ መንገዲ ተማሃሮ ኣበየናይ ደረጃ ከምዘለዉን: ኣየናይ ኣገባብ ናይ ትምህርቲ ኣብ ዝመጽእ ከምዝከታተሉን ይፈልጡ:: መማህራን ካብ እዋን ናብ እዋን እቶም ቆልዑ እቲ ዝተደለየ ክእለትን ናይ ትምህርቲ ዕላማን ከምዘማልእዎ ይምርምሩ::*

### ምስክር ወረቐት (ባጀላ) ከመይ ይመስል

*መማህራን ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ምስክር ወረቐት (ባጀላ) የዳልዉ:- ኣብ መወዳእታ ጥርን ኣብ መወዳእታ ዓምተ ትምህርትን:: መሰረት ናይቲ ምስክር ወረቐት ድማ እቲ ቀጻሊ ኣብ እዋን ትምህርቲ ዝውሃብ ገምጋም ኢዩ:: ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ነጥቢ ይውሃቦ (እቲ ምስክር ወረቐት ናይ 3ይ ክፍሊ ግን ፍልይ ዝበለ ኢዩ:: ነጥቢ ናይ ጀርመንን ቁጽርን ጥራይ ኢዩ ዘለዎ)::*
*ኣብ ምስክር ወረቐት ናይ መወዳእታ ዓመተ ትመህርቲ: ነጥቢ ናይ ቛንቛታት ብመሰረት ገምጋም ክእለት ምስማዕ: ክእለት ምንባብ: ክእለት ዘረባን ክእለት ምጽሓፍን ይውሃብ:: ኣብ 3ይ ክፍሊ ቋንቋ እንግሊዝ ምስማዕን ምዝራብን ጥራይ ኢዩ ዝግምገም::.*

.

ብፍሉይ ምኽንያታት ነጥቢ ክውሃብ እንድሕር ዘይክእል ኮይኑ: ክግደፍ ይኽኣል:: ንብወለንታ ዝውሰዱ ትምህርትታት ወይ ንጥፈታት (ንኣብነት ስፖርታዊ ትምህርቲ) ነጥቢ ኣይውሃብን ኢዩ::

ነጥቢ ካብ 6 ክሳብ 1 ኩይኑ: ነቲ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ውጽኢትን ክእለትን ናይ ተማሃራይ ይገልጽ:: እቲ ውጽኢት ድማ: ተማሃሮ እቲ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ፍርቂ ዓመተ ትምህርቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ዕላማ በኸመይ ደረጃ ከምዘማልእዎ ይገልጽ:: እቲ ኣብ ባጀላ ዝውሃብ ነጥቢ ብመሰረት ገምጋም ናይ መምህር ኢዩ ዝውሃብ:: ገምጋም ውጽኢት ናይቲ ዝገበርዎ ፈተናታት ጥራይ ኣይኮነን:: እቲ መምህር ኣብ እዋን ገምጋም: ዝተፈላለየ መወከስን ምንጭን ሓበሬታ ይጥቀም:- ንኣብነት ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን ፈተና: ተማሃሮ ብዝጸሓፍዎ ጽሑፍን: ኣብ ክፍሎም ብዘቕርብዎ ጽሑፍን (መደረ) ብትዕዝብትን: ከምኡውን ተማሃሮ ኣብ እዋን ትምህርቲ ብዝገበርዎ መጎታትን ምይይጥን::

ነጥቢ ናይ ባጀላ ብዝስዕብ መሰረት ይውሃብ/ይግለጽ:-

| [ነጥቢ] | 6 | 5 | 4 | 3 | 2ን 1ን |
|---|---|---|---|---|---|
| | ብጣዕሚ ጽቡቕ | ጽቡቕ | እኹል | ዘይእኹል | (አዚዩ) ድኹም |
| መምዘኒ ነጥቢ | ተማሃራይ/ትማሃሪት | | | | |
| ምምላእ ዕላማ ትምህርቲ | ንዘበዝሐ ክብጻሕ ዝግብኦ በዳሂ ዝኾነ ዕላማን ክእለትን ብርግጽ የማልእ | ኩሉ ክብጻሖ ዝግብኦ ዕላማን ክእለትን የማልእ: ሓደ ሓደ በዳሂ ዝኾነ ዕላማ ትምህርቲ የማልእ | ንዘበዝሐ ክብጻሕ ዝግብኦ መሰረታዊ ዕላማ ትምህርቲ የማልእ | ብዙሓት ክብጽሑ ዝግብኦም መሰረታዊ ዕላማታት ትምህርቲ ገና አየማልእን | መብዛሕቶኦም ካብቶም ክብጽሑ ዝግብኦም መሰረታዊ ዕላማታት ትምህርቲ አየማልእን |
| ምምላስ ሕቶታትን ዝተወሃበካ ዕዮን<br>(ክእለት) | ንኸበድቲ ዕዮታት/ሕቶታት ኩሉጊዜ ብልክዕ ይፍጽም/ይምልስ | ንኸበድቲ ዕዮታት/ሕቶታት ዝበዝሐ ግዜ ብልክዕ ይፍጽም/ይምልስ | ንመሰረታዊ ዕዮታት/ሕቶታት ከምዝድለ ጌሩ ይፍጽም/ይምልስ | ንመሰረታዊ ዕዮታት/ሕቶታት ከምዝድለ ጌሩ አይፍጽምን/አይምልስን | ንመሰረታዊ ዕዮታት/ሕቶታት ፈጺሙ አይፍጽምን/አይምልስን |

አብ እዋን ገምጋም: ከፋል ናይቲ ነጥቢ ዘይኮኑ ነገራት አለዉ:: ንአብነት እኹል ዘይኮነ ወይ ልዕሊ እኹል ተሳታፍነት አብ እዋን ትምህርቲ: ብንጥፈት ምስታፍ ውይ ድልየት ትምህርቲ ዘይምርአይ: ጽፈት ዘለዎ ወይ ጽፈት ዝጎደሎ ስራሕ: ዘተአማምን ወይ ዘየተአማምን አሰራርሓ:: እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ንጥፈታት አብ ካልአይ ገጽ አብ ትሕቲ ስራሕን: ጠባይ አብ ትምህርትን ከምኡውን ማሕበራዊ ክእለትን ዝብሉ አርእስትታት ይግለጹ::

ገምጋም ብዛዕባ አሰራርሓን: አመሃህራን (ምጽናዕ) ከምኡውን ማሕበራዊ ክእለት ናይ ተማሃራይ በርባዕተ ደረጃታት ተኸፊሉ ይፍጸም:: ከም ልሙድ እቶም ተማሃሮ አብ ካልአይ መስመር ብጸጋም (ጽቡቕ) እዮም ዝግምገሙ::

**ፎርም ናይ ምስክር ወረቐት (ባጀላ)**

እቶም ዝተፈላለዩ ናይ ምስክር ወረቓቕቲ አብ ሓደ ፋይል ይቕመጡ:: እቲ ፋይል በቲ ናይታ ክፍሊ ሓላፍነት ዘለዎ መምህር ይዕቀብ:: ትምህርቲ አብ ዝቕይረሉ እዋን ወይ አብ መወዳእታ ናይ መባእታ ቤትምህርቲ : እቲ ፋይል ንተማሃራይ ይውሃብ::

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ገምጋምን: ምስክር ወረቐትን: ወሳኔታት አብ ከይዲ ትምህርትን አብዚ አድራሻ ኢንተርነት ክትረኽቡ ትኽእሉ:: www.volksschulamt.zh.ch > Schulbetrieb & Unterricht > Zeugnisse & Absenzen::